# ኣገባብን ርትዓውነትን ምርጫ ፓትርያርክ እንጦንዮስ

ከም ሕግን ስርዓትን ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ፣ ኣገባብ ምርጫ ፖትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ርትዓውን ጹፉፍን እዩ ኔሩ። ኣቡነ እንጠንዮስ ካብቶም ሓሙሽተ ቀዳሞት ጳጳሳት ብ1994 ዓ.ም.ፈ  ኣብ በዓል ሓምሳ ኣብ ካተድራል ቅዱስ ማርቆስ ካይሮ ግብጺ ዝተቀቡኡ ጳጳሳት ሓደ እዮም። ካብቲ ጊዜ'ቲ ጀሚሮም ክሳብ ፖትርያርክ ዝኾኑ ድማ ጳጳስ ንዓሰርተ ዓመታት ናይ ዞባ ማእከል (ብኣውራጃ ሓማሴን ዝፍለጥ) ኮይኖም ኣገልገሉ። ኣብ ሓዋርያዊ ዕዮኦምን ጉስነቶምን ብጣዕሚ ትጉህን ምስጉንን እዮም።

ድሕሪ ዕረፍቲ ካልኣይ ፖትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ፣ ካብ ወርሒ ታሕሳስ 2003 ዳርጋ ንሓደ ዓመትን መንፈቅን ክሳብ ምርጫ ጊዜ ዓቃቢ መንበር ተዋህዶ ኮይኖም ኣገልጊሎም። ፖትርያርክ ንምምራጽ ጊዚኡ ምስ በጽሐ፣ ምስ ካልኦት ኣርባዕተ ጳጳሳት ሕጹያት ኮይኖም ቀሪቦም። በቲ ዘለዎም መንፈሳዊ ህይወትን ትግሃትን ድማ ብሕጋዊ መንገዲ ወግዓዊ ሳልሳይ ፖትርያርክ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ንክኾኑ ተመሪጾም። እዚ ምርጫ'ዚ ብመሰረት ስምምዕ ናይ ክለተ ኣሓት ቤተ ክርስትያን ኤርትራን ግብጽን ብመሰረት ዓንቀጽ 7 ተኻይዱ።

ዓንቀጽ 7(፯) ከምዚ ይብል፡
ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስትያን ናይ ገዛእ ርእሳ ፓትርያርክ ክትመርጽ ነጻነት ኣለዋ። እንተኾነ ናይ ክልቲኣተን ቤተ ክርስትያናት ሕብረት ክሁድ ምእንቲ ክኸውን፣ እታ ሓንቲ ቤተ ክርስትያን ዓሰርተ ኣባላት ዝሓዘ ልኡካት ማለት ክልተ ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳሳት፣ ክልተ ኣበ-ምኔታት ገዳማት፣ ሽዱሽተ ድማ ኣብ ካልእ ጽፍሕታት ዘገልግሉ ከክልተ ምእመናን ቤተ ክርስትያን፣ ነቲ ዝግበር ምርጫዊ መስርሕ ከም ኣጋይሽ ክዕዘቡን ኣብቲ ዝግበር ጽምብል ክካፈሉን ይልኣኹ።

ብመሰረት ስምምዕ ቤተ ክርስትያን ኤርትራን ግብጽን፤ ናይ ክልትኤን ልኡኻት ቅዱስ ሲኖዶስ ከምቲ ኣብ 6ይ ምዕራፍ ግብረ ሃዋርያት ዘሎ፣ ፓትርያርክ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ዝኸውን ሰብ ንምሕራይ ብዕለት 4 መጋቢት 2004 ዓ.ም. መንፈሳዊ ኣኼባ ኣካየዱ። ናይ ክልትኤን ልኡኻት  ቅዱስ ሲኖዶስ እቲ ዝተኻየደ ምርጫ ቅኑዕ ምዃኑ መስከሩ። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣብ በዓል ሓምሳ ብዕለት 25 ሚያዝያ 2004 ዓ.ም. ስርዓተ ቅብኣት ብመሪሕነት ፖፕ ሽኖዳ 3ይ ተኻይዱ፣ ኣቡነ እንጦንዮስ ድማ ወግዓዊ ሳልሳይ ፖትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ኮይኖም ተመርጹ። ኣብዚ ስርዓተ ስሜት (ምቕባእ)'ዚ ብርክት ዝበሉ፣ ናይ ክብሪ ዕዱማት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፤ ልኡኽ ሃገረ ስብከታት፤ ሰበ ስልጣንን ዲፕሎማትን ተኻፊሎም ነይሮም። ኣብቲ ስርዓተ ስሜት ዝተረኽቡ ኩሎም ድማ ነቲ ዝተገብረ መስርሕ ምቕባእ ምስክርነቶም ሃቡ።  እወ! ኣማን ብኣማን ብድምጺ ኩለን ገዳማትን፤ ምሉእ ተሳትፎ ምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያንን ምስክርነት ሊቀ ጳጳሳት ቤተ ክርስትያን ግብጽን ዝተመርጹ 3ይ ፓትርያርክ ቅዱስ እንጦንዮስ ዕላዊ መራሒ ድማ ኮኑ።